homes victoria

50 Lonsdale Street,
Melbourne Victoria 3000
Telephone: 1300 650 172
GPO Box 4057, Melbourne Victoria 3001
DX 210081

Tigrinya | ትግርኛ

ሰሉስ 11 መጋቢት 2025

**ኣገደስቲ እዋናዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣብ 33 Alfred St, North Melbourne ዝግበር ዝቕጽሉ ስጉምትታት**

ኣብ ነፍሲ ወከፍ መድረኽ ዳግመ ምምዕባል እዋናዊ ሓበሬታ ክንገብረልኩም ንደሊ። እዚ ደብዳቤ ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት የጠቓልል፦

- ኣብ North Melbourne ተወሳኺን ዝሓሸን ገዛውቲ ንምህናጽ ዘለና መደብ
- ሰራሕተኛታትና ኣበይ ክትረኽብዎም ትኽእሉ
- ብዛዕባ እቲ ዳግመ ምምዕባል ተወሳኺ ኣበይ ክትፈልጡ ትኽእሉ

**ሮሞዳን ምኽባር**

- ኣብዚ ሕጂ እዋን ብዙሓት ኣብ ሕብረተሰብና ሮሞዳን የኽብሩ ከምዘለዉ ንርድኦን ነኽብሮን ኢና።
- ብዛዕባ እዞም ዝቕጽል ስጉምትታት ኣብ ወርሒ ሚያዝያ (ድሕሪ ሮሞዳን) ናይ ማሕበረሰብ ሓበሬታ መድረኻት ከነካይድ ኢና።
- ኣብቲ መእተዊ ህንጻኹም ዘሎ ዕለታትን ሰዓታትን ናይዞም ክፍለ ግዜታት ዝሕብሩ ፖስተራት ክቐርቡ እዮም።
- ቅድሚኡ ክትዛረቡና ምስ እትደልዩ፣ ሰራሕተኛታትና ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ North Melbourne ሓሙስ 13 መጋቢት ካብ ሰዓት 9:00 ቅድሚ ቀትሪ-5:00 ድሕሪ ቀትሪ ክርከቡ እዮም።

**ነቲ ብቋንቋኹም ዝተተርጎመ ሓበሬታ ንምርካብ ስካን ግበርዎ**

**ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ሓሳባቶም ንዘካፈሉና ኩሎም ነመስግን**

ንኹሎም ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ኣብ ዝነበረ ከም ክፋል ናይ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ብዛዕባ መጻኢ 33 Alfred Street ርእይቶኦምን ሓሳባቶምን ንዝሃቡና ነመስግን።


ርእይቶኹም ንዲዛይናት ናይቶም ሓደስቲ ህንጻታትን ማሕበረሰባዊ ቦታታትን ሓበሬታ ክህበና እዩ።

- ካብ 165 ተኻረይቲ ብዛዕባ መጻኢ መንበሪ ገዛውቲ፣ ህንጻታት፣ ማሕበረሰባዊ ቦታታትን ጎረባብትን ንዐኦም እንታይ ከም ዘገድሶም ሰሚዕና።

- ውሑስ፣ ጽቡቕ ዲዛይን ዘለዎን ማሕበረሰብ ዘተኮረን ሓደስቲ ህንጻታትን ናይ ደገ ቦታታትን ምምዕባል ከምዘድሊ ርእይቶኹም ሰሚዕና ኣለና።
- ብዛዕባ ዓቕን ስድራቤታት ገዛውቲ ምቕራብ ከምዘድሊ እውን ሰሚዕና ኣለና።

## ሕጂ ነዚ ዳግመ ምምዕባል ትልሚ ዘቕርብ ናይ ፕሮጀክት መሻርኽቲ ንደሊ ኣለና

ሕጂ ኣብ 33 Alfred Street, North Melbourne 300 ማሕበራዊ መንበሪ ኣባይቲ ሓዊሱ ብውሑዱ 800 ሓደስቲ መንበሪ ኣባይቲ ንምህናጽን ንምምሕዳርን እማመ ንምቕራብ መሻርኽቲ ፕሮጀክት ንደሊ ኣለና። እቲ ዘሎ ኩሉ መሬት ኣብ ዋንነት ህዝቢ ኮይኑ ክቕጽል እዩ።



*ኣብ Abbotsford St North Melbourne ዝተሃንጹ ሓደስቲ ሓይሊ ዝቑጥቡ ገዛውቲ ኣብ 2025 ተኸፊቶም እዮም።*

እቲ መሻርኽቲ ኣብ ምህናጽን ምምሕዳርን ማሕበራዊ፣ ብተመጣጣኒ ዋጋን ዕዳጋን ዝካረ ኣባይቲ ተመኩሮ ክህልዎ እዩ።

ጽኑዕ መስርሕ ገምጋም ንነፍሲ ወከፍ እማመ ብመሰረት ብሉጽነቱ ክግምግሞ እዩ።

ምስ ናይ ፕሮጀክት መሻርኽቲ ብምስራሕ፣ ንዝያዳ Victorians ዝያዳ ዘመናዊ፣ ጽቡቕ ዲዛይን ዘለዎምን ሓይሊ ዝቑጥቡ ገዛውቲ፣ ናብ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ኣገልግሎታትን መጓዓዝያን ዝቐረቡ መንበሪ ገዛውቲ ብምስራሕ ክነቕርብ ንኽእል ኢና - ማለት ከምቲ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ Abbotsford Street (ኣብቲ ስእሊ ተመለከቱ) ዝተዛዘሙ ሓደስቲ ገዛውቲ እዮም።

## ርእይቶኹም ንምሃብ ዝያዳ ዕድላት

ምስ ሓደ መሻርኽቲ ፕሮጀክት ዲዛይን ሓደስቲ ገዛውቲ፣ ህንጻታትን ማሕበረሰባዊ ቦታታትን ንምምዕባል ኣብ እንሰርሓሉ ዘለና እዋን፣ ዲዛይናት ንምርኣይን ርእይቶ ንምሃብን ዝያዳ ዕድላት ክህልወኩም እዩ።

## ጋንታና ኣበይ ክትረክብዎም ትክእሉ

ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ወይ ምስ ጋንታና ክትዛረቡ ምስ እትደልዩ፣ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ North Melbourne ሓሙስ 13 መጋቢት ካብ ሰዓት 9:00 ቅድሚ ቀትሪ- 5:00 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ዘሎ እዋን ክንህሉ ኢና።

## ምስቲ ዘሎ እዋናዊ ሓበሬታ ተጐዓዙ

ናብዚ ብጻሕ፡- https://bighousingbuild.homes.vic.gov.au/precincts/north-melbourne-precinct ንሓበሬታን እዋናዊ ንዝኮኑ ሓበሬታን ብቋንቋኹም መወከሲታት ከይተረፈ ንምርካብ።